# <u>*በዓል ንዝኽሪ መበል 40 ዓመት ምምስራት ሃ.ማ,ድ.ኤ. ተጸምቢሉ።*</u>

*ኣብ ከተማ ሙንሽን ጀርመን ብዕለት 26.10.2019 በዓል ንዝኽሪ መበል 40 ዓመት ምምስራት ሃማድኤ ካብ ሙንሽንን ከባቢኡን ዝመጹ ኤርትራውያን ተባዒሉ።*

*እቲ በዓል ብዝክረሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ተኸፊቱ። ብኣካየድቲ በዓላት ሃገራዊ ሸማግለ ሙንሽን (ኣበሃሸሙ) ናይ እንቋዋዕ ድሓን መጻእኩም ብምባል ንኣደወንበር ሃማድኤ ሙንሽን ወይዘሮ ኣስቴር ፍቓዱ ቃል ናይቲ በዓል ከተስምዕ ዓዲሞማ። ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ካብ ድርብ ቃልሲ ማለት ምእንቲ ነጻነት ኤርትራን ማዕርነትን መሰልን ኣንጻር ወራር ወያነን ንልዑላውነት ሃገር ንምውሓስን ዝሓለፍኦ መሪር መድረኽን ዝኸፈልኦ መስዋእትን፣ እንሆ ኣብዚ በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ በጺሕና ኣለና። ኩሉ ኤርትራዊ ሃገር ኣብ ምህናጽን ናይ ወፍሪ ዕድል ክጥቀመሉን ኣጆም ከበርክት ተላብያ።*

*ቀጺላ ኣባል ኣካያዲት ኣካል ሃማድኤ ጀርመን ወይዘሮ ኣልማዝ ኣበራ ከተማ ሙንሽን ካብቲ ታሪኻዊት ዝገብራ ካብ እዋን ሓፋሽ ወድባት ምጥርናፍ ኣትሒዝና ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ተወዲብና ሳላ ዝነጠፍና ኣብዚ ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ በጺሕና ኣለና ኢላ። ሃማድኤ ንኸሕይል ኩሉኽን ደቂ ኣንስትዮ ሳላ ከይተሓለልክን ዝጻዓርክን እዩም ዮሃናን ምስጋናን ይግበኣክን ኢላ።*

*ቀጺሉ ኣቦወንበር ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራ ጀርመን ሙንሽን ኣቶ ዮናስ ኣርኣያ ብስም ኩሉ ኣባል ሃሸኤጀሙ ንጻዕርን ጥርናፈን ሃማድኤ ሞጊሱ ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ።*

*ነቲ ጽንብል ንምምዕራግ ተፈላለየ ንቃልሲ ሃ.ማ.ድ.ኤ. ዘንጸባርቕ ግጥምታት ተነቢቡ። ከምኡ ውን ከም ኩሉሳብ ኣብ ናይ ሃማድኤ በዓላት ኣብዚ ተወሊዳ ዝዓበየትን ኣብ መበል 40 ዓመት ቦሎኛ ኢታሊ ንእተሳተፈት መንእሰይ ሄለን ወ. (15 ዓመት) ንቃልሲ 40 ዓመት ሃማድኤ ዘንጸባርቕ ግጥሚ ኣንቢባ። ከምኡ ውን ምስ ሃማድኤ ብሓባር ብምኹዋን ናይቲ በዓል ቶርታ ቆሪሳ። እቲ ጽንብል ብጹቡቕን ውዕዉዕ መንፈስን ምሸት ብሰላም ተዛዚሙ ።*

*ዓወት ንሓፋሽ !!*

*ኣካየድቲ ስራሕ*

*ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ሙንሽንን ከባቢኡን*
*ዲፕሎማስን ሜዲያን ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ*
*ሙንሽን 26.10.2019*